
# ወያነ ዘይትሓንኽ!

**ሓርማዝ ኣብ ዝጥዕሞ ግዜ ከም ዝሕምትላ ኣይትፈልጥን እያ።**




ወያነ ዘይትሓፍር ጭፍራ፡
ቃላት ተሳኢኑዎ እከይ መጋብራ፡
ኩሉ ክትግብት ዓምጢራ ዓማጢራ፡
**መ-ዓ-ዲ** ሲኢና ኮይኑዋ ሰኺራ።

ምልኻዕ ስርሓ ኩፉእ ኣመል፡
መርዛም ተግባራ ከም ኣጻምእ  ገበል፡
ህዝባ እናሸጠት ሓገዝ ትቕበል፡
ሕደጊ በሉዋ በደል'ዩ በደል።

ጃንዳ ዓቕማ ዘይትመዝን፡
ትሓልም  ክትዓቢ ክትፍርዝን፡
<u>*ዕንቁርዖብ*</u> ከላስ ምስ <u>**ሓርማዝ**</u> ተመዛዝን፡
እምበርዶ ኣለዋ ኣእሙሮ ዝመዝን?

ክሳብ መዓስ'ያ ክትነብር ተሓንጊራ፡
ኣብክንዲ ትነብር ሰሪሓ ማእሪራ፡
ጡዑም መሲሉዋ ልማኖ እንጀራ፡
እናህለት ዓመታት ኣቕጺራ።